# ሕልናዊ ጻውዒት ንህዝቢ

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ህዝብን ሃገርን ኣብ ኣዚዩ ሕማቕ ኩነታት ከምዝርከቡ እቲ እናረአየን እናሰምዐን ከጽቅጥ ዝመረጸ እንተዘይኮይኑ ካብ ማንም ሰብ ዝተኸወለ ኣይኮነን። እዚ ብኽቡር መስዋእቲ ደቁ፡ ናጽነቱ ዘረጋገጸ፡ ሰብኣዊ ሓርነቱ ኣኽቢሩ፡ መባእታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ተሓልዩሉ ብልጽግትን ስልጥንትን ሃገር ክሃንጽ ልዑል ትጽቢትን ባህግን ዝነበሮ ክቡር ህዝቢ፡ ዘይተጸበዮን ዘይሓሰቦን ኣጋጢሙዎ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ሓሲሙዎን መሪሩዎን ኣሎ።

መግዛእትን ናጽነትን ዋላኳ ፈጺሙ ክነጻጸርን ክወዳደርን ዘይግባእ እንተኾነ፡ ህዝብና ግን ካብ መግዛእቲ ባዕዲ ብዝመርር ምሕደራን በትርን መራሒኡ ይርገጽን ይዕመጽን ኣሎ።

- ስድራ-ቤታት ኤርትራ፡ ደሃይን ሃለዋትን እቶም ብዝተፈላለየ ምስምስ ብመንግስቲ ዝተቐየዱ ኣባላተን ከይፈለጣ ንዓመታት ይሳቐያን ይቖንዘዋን ኣለዋ፤

- ኤርትራውያን ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ማእሰርትን ነቑጣታት ፖሊስን፡ ብማንም በዓል ስልጣን ከም ኣቕሓ መሸጣ ብሓደራ ይእሰሩን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይርስዑን ኣለው

- ሃገሮምን ህዝቦምን ዘፍቅሩን ዘኽብሩን ኣርካናት መራሕቲ ሰውራን መንግስትን ለውጥን ፍትሕን ስለዝጠለቡ ጥራሕ ብዘይ ንቡር መስርሕ ኣብ በረኻታት ዒላዒሮ ተሸሪቦም ኣለው፤ ነዚ ሓቂ እዚ ዝኽሕድ እንተልዩ ንሕልናኡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእተወ ጥራሕ እዩ!!

- ኣዴታት ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት፡ ጸጉረን ከድርምማን ከነብዓን ኣይምተገበአን እሞ ግን ብሰንኪ ምሕደራን ኣልያን መንግስትና፡ ድሕሪ ናጽነት ዝነብዐኦን ዘልቀሰኦን ይመርርን ይዕርዕርን!!! እቲ ሓቂ፡ እዚ ክነሱ፡ ሓቂ ደቢና፡ ኣዴታት ኤርትራ ጽቡቕ ከምዘለዋ ኣምሲልና ክንምስክር ዓገብ እዩ'ሞ ሕልናና ንመርምር!!

ስለዚ ክቡራት ኣሕዋት ክቡራት ዜጋታት

- መንእሰያትና ብቃፍላይ እናተሰዱ፡ ኣብ ጉዕዞ ስደቶም ብኣሌፍ እናጠፍኡ፡ ዶብ ክሰግሩ ብጥይት ኣሕዋቶም እናወደቑ፡ መንእሰያትና ጽቡቕ ኣለው እናበልኩም እትዛረቡ ፡ ሃየንታ እዩ'ሞ ሕልናኹም መርምሩ!!

- ህዝቢ ብክብርን ስእነት ቀረብን ተሳቒዩ፡ ማይን መብራህትን ሓሪሙዎ፡ ድራር ዕለት ደቁ ክምእርር ተሸጊሩ እናሃለወ፡ ዓዲ ብላዕ ስተ እዩ ዘሎ እናበልኩም ስቓይ ህዝብኹም እትኽሕዱ፡ ግዜ ሃየንታ ኣለዎ እሞ ሓደራኹም ሕልናኹም መርምሩ!!

- ኣሕዋትኩም ኣሕዋትና፡ ኣሓትኩም ኣሓትና ኩሎም ዜጋታት ኤርትራ ብሓበራ፡ ተስፋ ካብ ዝሰኣኑላ ሃገሮም፡ ነቶም ዋሕስ ፍትሒ ክኾኑ እተጸበናዮም መኮንናትን መራሕትን ኣሸሓት ዶላራት ከፊሎም ካብ ሃገር እናወጽኡ፡ ዓዲ ትሕምበብ ኣላ እናበልኩም ንጸሊም ጻዕዳ እዩ እትብሉ ዘለኹም ግዜ ፈራድ እዩ እሞ ሓደራ ብሕጅኹም ሕልናኹም መርምሩ - ምስ ውጹዕ ህዝብኹም ወግኑ!!

- ዝርዝራት ስቓይን መከራን ህዝቢ ኤርትራ መወዳእታ የብሉን እሞ፡ እዞም ሎሚ ህዝብና ጽቡቕ ኣሎ፡ ሃገርና ትምዕብል ኣላ እናበልኩም " ትንፈር እምበር ጤል እያ!" እትብሉ ዘለኹም ብተግባርኩም እትጠዓሰሉ ብምስክርነትኩም እትሕተትሉ እዋን ነዊሕ ከምዘይኮነ ከተስተውዕሉ ይግባእ። ስለዚ፡ መገዲ የማን ክትሕዙን ህዝብኹም ክትድብሱን ሎሚ እውን ግዜ ስለዘሎ ሓደራኹም ደጊምኩም ሕሰቡ። ምስ ሕልናኹም ተዛረቡ!!!

- ዘይወግሕ ጸልማትን ዘይስገር መከራን ስለዘየሎ፡ ስቓይን ሽግርን ህዝቢ ኤርትራ ዘኽትመሉ እዋን ነዊሕ ኣይክኸውንን እዩ!!

ክብሪ ንሰማእታትና ራህዋን ፍትሕን ንህዝብና!!!


Hammersmith Town Hall Extension
THANK YOU UN
For Supporting
The Voiceless People
STOP
Religious
Persecution
31 16:33


ENOUGH TO 24 YEAR
OF DICTATORSHIP
IN ERITREA
ENOUGH!
ይኣክል!
No More
Dictatorship in Eritrea
YES to Democracy
31 17:23


Hammersmith Town Hall Extension
ቅዋማዊ
መንግስቲ
ይመስረት!
The Dictat
MUST GO
Rule of
In Eri
31 16:34

# ጻዊዒት ንሰላማዊ ሰልፊ

### ኣንጻር ህግደፍ - ኣብ ከተማ ሎንዶን !!!

ዕለት:- ሰንበት 31 ጥሪ 2016
ሰዓት:- ዝጅመረሉ ሰዓት፡- 3፡00 ድ.ቀ፡
ቦታ:- Hammersmith Town Hall, Kings Street, London, W6 9JU
Nearest Station – Hammersmith Station (Piccadily Line)

ኣብ ለንደን ንርከብ ኣባላት ተቃወምቲ ውድባት ፤ በርጌሳዊ ማሕበራት ፤ መንእሰያትን ብሓባር ፣ኣብቲ ን ዕለት 31 January 2016 ብሽም ህዝባዊ መኸተ ተመዲቡ ዘሎ ናይ ህግደፍ ኣኼባ ድምጺ ህዝብና ከነስምዕ : ከምኡውን ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ከነቃልሕ ብዓቢኡ ተቃውሞና ከነስምዕ ስለ ዝኾንና ኩሉኻትኩም ግዱሳት ኤርትራውያን ዜጋታት ክትጽንበሩና ብትሕትና ንዕድም።

ብደሓን ምጹ - ኣብ ኣፍ ደገ ኣኼባ ዝካየደሉ ቦታ የራኽበና ።

ኣወሃሃዲት ሽማግለ ተቃወምቲ ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን
ዓባይ ብሪጣንያ

# A Call for Demonstration
# Against PFDJ in London

We the Eritreans in UK members of opposition group, civic societies and Youth call for a peaceful demonstration outside the PFDJ organised meeting in Hammersmith Town Hall, London.
We call to all Eritreans in London to join the Demonstration on

Date: Sunday 31st January 2016
Time: Start at 3 pm
Place: Hammersmith Town Hall, Kings Street, London, W6 9JU
Nearest Station – Hammersmith Station (Piccadilly Line)

Aim of the Demonstration:-
To Say Enough is Enough to 24 years of Dictatorship in Eritrea
To Highlight the Human Right Violations & Abuses in Eritrea
To Voice our concerns against the Dictatorial Regime in Eritrea

Joint UK coordinating Committee